# ቆፎኦም ዝተተንከፎም ኤርትራውያን ሸወደናውያን ዘርኣዩዎ ጽንዓት!

ዓርቢ 22 መጋቢት 2013፡ ካብ መላእ ሸወደን፡ ማለት ካብ ኡምዮ፡ ዮተቦሪ፡ ማልመ፡ አረብሩ፡ ሉፐሳላ፡ ወዘተ… ክሳብ 700 ኪ.ሜ. ተጓዒዞም፡ ኣብ ሕምብርቲ ከተማ ስቶኮልም ዝተኣኻኸቡ፡ ልዕሊ ክልተ ሽሕ ኤርትራውያን ሸወደናውያን፡ ኣብቲ እዋንቲ ንዝነበረ ኣሲሩ ዝባላዕ ቆዝሒ በዲሆም፥ ዕዉት ሰላማዊ ሰልፊ ኣካይዶም። እቲ ሰላማዊ ሰልፊ፡ ነቲ ኣብ ልዕሊ 3 ኤርትራውያን ሸወደናውያን ንኣኼባታት፡ ትምህርትን ካልእ ኣገደስቲ ባህላዊ ንጥፈታትን ዚጥቀሙለን ባህላዊ ማእከላት ዝተፈጸመ ኣዝዩ ጽዩፍ ግበረሸበራዊ ባርዕ ሓዊ ብትሪ ንምዅናንን፤ ሜድያ ሸወደን ኣብ ውጹእ ሓሶት ተመርኲሱ ብዘይምቊራጽ ኣብ ልዕሊ ኤርትራውያን ሸወደናውያን ንዝገብሮ ጸለመታት ብትሪ ንምዅናን'ዩ ተኻይዱ። መንግስቲ ሸወደን፡ ንፈጻምቲ'ቲ ግብረሸበራ ብህጹጽ ንፍርዲ ከቕርብን፡ መሰል ኤርትራውያን ሸወደናውያን ብዕቱብ ኣብ ምዕቃብ ሕጋዊ ግዴታኡ ንኺፍጽም ዚጠልብን ኰይኑ፥ ብመንገዲ ወከልቲ ህዝቢ ምስዝምልከቶም ሰበስልጣናት ድሕሪ ምዝርራብ፡ ሰላማዊ ሰልፎም ሰዓት 17፡30 ብዓወት ፈጺሞም ነናብ ቦታኦም ብሰላም ተመሊሶም

እቲ ሰልፊ ንኹሎም ተዓዛብቱ ኣዝዩ ዝመሰጠን፡ ብዓረብያ ካብ ዝጓዓዙ ህጻናት ክሳብ ብሓገዝ ዝንቀሳቐሱ ስንኩላንን ኣረጋውያንን፡ ዝተሳተፉዎ ሰፊሕ ሰላማዊ ሰልፊ'ዩ ነይሩ። ካብ ሰዓት ሓደ ኣብ ሕምብርቲ ከተማ ስቶኮልም ድሕሪ ምትእኽኻብ ከኣ፡ በተን ዝዓበያ ጐደናታት ስቶኮልም እናተጓዕዘን፡ ነቕናቒ ዝኾነ ጭርሖታት እናኣስምዐን፡ ንዕላማ ናይቲ ሰላማዊ ሰልፊ ዝገልጹ በራሪ ወረቓቕቲ ንህዝቢ ስቶኮልም እናዓደለን፡ ኣብቲ ዝዓለሞ ፓርላማ ሃገረ ሸወደን በጺሑ። ብኹሉ መለከዕታት ድማ፡ ኣዝዩ ጽፉፍን ውዱብን፡ ጽንዓት ኤርትራውያን ዘረጋገጸን ሰልፊ'ዩ ነይሩ።










*እቲ ካብ ኵሉ ዘቕስን ድማ፡ እቶም ኣብዚ ሃገረ ሽወደን ተወሊዶም ዝዓበዩን፡ ብኤርትራዊ መንነቶም ዚሕበኑን መንእሰያት፡ ዘርኣዩዎ መወዳድርቲ ኣልቦ ጽንዓትን ሓቦን ኒሕን'ዩ። ንኹሉ'ቲ ዘሽርዕ ንጥፈታቶም ክትዕዘብን፡ በቲ ኣዳዕዲዖም ዚመልኩዎ ቋንቋ ሽወደንኛ ነቲ ንጹርን ተሪርን መርገጺኦም ብጭርሖታት እናንጐድጐዱ፡ ንጐደናታት ስቶኮልም ተቘጻጺሮሞ ምውዓሎም ከኣ፥ ኣብ ተሳተፍቲ ሰላማዊ ሰልፊ፡ <u>"እዛ ሃገር ሰብ ኣለዋ!"</u> ዘብል ምትእምማን ፈጢሮም'ዮም። ገለ ካብቶም ጭርሖታት እዞም ዚስዕቡ ይጥቀሱ። <u>"ኣብ ልዕሊ ባህላዊ ማእከላትና ንዝተፈጸመ ግብረሽበራዊ ባርዕ ሓዊ ብትሪ ንኹንን! መንግስቲ ሽወደን ነቶም ነቲ ባርዕ ዝፈጸሙ ገበነኛታት ብዝቐልጠፈ ኣብ ሕጊ ከቕርቦም ንጽውዕ! ሜድያ ሽወደን ንድምጽና፡ ድምጺ ናይቶም 99% ዝኾንና ኪሰምዕ ንጠልብ! መራኸቢ ብዙሃን ሽወደን ኣብ ልዕሌና ኤርትራውያን ሽወደናውያን ብቐጻሊ ዘካይዶ ሓሶታትን ጸለመታትን ብህጹጽ ከቋርጾ ንጠልብ! ከም ኵሎም ከፈልቲ ግብርን ከም ኵሎም ዜጋታት ሽወደንን፡ ናይ ምእካብን ምምህሃርን መሰላትና ይተሓሎ!"</u>*










*እዞም ኣብዚ ዓዲ ምኾት ዝተወልዱ፡ ኣመና ሕንቁቓትን ንጽንኩር ኵነታት ኪጻወሩ ዘይክእሉ ሰንኮፋትን ከይኰኑ፡ ብዙሓት ወለዲ ዚስከፍሉ ጕዳይ'ዩ። እቶም ህጻናትን መንእሰያትን ግን፡ ነቲ ዚቝርምድ ቀዝሒ ሽወደን በዲሆም፡ ብዘይ ገለ ጸገም ኪጓየዩን ኪጭርሑን'ዮም ተራእዮም። ብጽንዓቶምን ተወፋይነቶምን ከኣ፡ እቲ ስክፍታ ፍጹም ጌጋ ምንባሩ ብምርግጋጽ ንወለዲ ልዑል ሓበን ኪፈጥሩ ክኢሎም'ዮም። ብርግጽ ከኣ፡ እቲ ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ከየቋረጸ እናተወራረሰ ዚቕጽል፡ <u>መትከል ሓድነት፡ ጽንዓትን ተወፋይነትን፡</u> ኣብዞም ዋርሳይ መንእሰያት ስለዝተራእየ፤ ነዛ ህያብ ስዉኣትና ዝኾነት ሓላል መሬት፡ ጽንጽያ ዓይና ዘንፍረላ ከምዘይህሉ ኣመስኪሮም፡ ቅሰኑ ወለድና ስለዝበሉ፡ ኵሉ ወላዲ <u>"ተዓወቱ! ጸባ ስተዩ!"</u> እናበለ ብልቢ ኣመስጊኑዎም'ዩ።*

እስታቲስቲካዊ ሓበሬታ መንግስቲ ሽወደን ብዕሊ ከም ዘረጋግጾ፡ ኤርትራውያን ሽወደናውያን ኣብ ስራሕ ብምንጣፍ ምስቶም ዝለዓሉ ዚስርዑ፡ ኣብ ምፍጻም ገበናትን ጸይቅታትን ግን ዳርጋ ፍጹም ዘየለዉ ኢዮም። ስለዚ'ዮም ድማ ኣብ ልዕሊ ማእከላቶም ግብረ ሽበራዊ ምብራዕ ሓዊ ምስ ኣጋጠመ፡ ልክዕ ቆፎኡ ከምዝተተንከፎ ንህቢ፡ ብሓደ ሆጭ ኢሎም ካብ ኲሉ ኲርንዓት ሽወደን ተኣኻኺቦም፡ ብሰላማዊ ሰልፍን ጭርሖታትን ንስቶኮልም ኣጨኒቖማ ዝወዓሉ። ነቶም ገበርቲ እከይ ድማ፡ ዘመሓላልፉዎ ንጹር መልእኽቲ ነይሩዎም። ንሱ ድማ፡ "ኣብ ልዕሊ ባህላዊ ማእከላትና ሓዊ ብምውላዕ ሞራልና ዝተንከፍኩም እንተመሲሉኩም፡ ኣዚኹም ተጋጊኹም። ሞራልና ዘይኮነስ ቆፎና፡ ማለት ቆፎ ንህቢ ኢኹም ተንኪፍኩም። ቆፎ ንህቢ ምትንካፍ ከኣ፡ እንታይ ከምዘስዕብ ኣይትስሓትዎ!" ዚብል'ዩ ነይሩ። ህዝቢ ኤርትራ ከይተንከፍካዮ ዘይተናኽፍ ሰላማዊ ህዝቢ'ዩ። ምናልባት ንቖፍኡ፡ ማለት ንኽብርቲ ሃገሩ እንተተንኪፍካሉ ግን፡ ብዘይ ጻውዒትን ብስምረትን ተላዒሉ ቅያታት ዚሰርሕ ሓያል ህዝቢ'ዩ። ስለዚ'ዩ ድማ ብዘይካቲ ኣብ ከተማ ስቶኮልም ዝተገብረ ሰላማዊ ሰልፊ፡ ካብ ብዙሓት ኤውሮጳውያን ሃገራት ነቲ ግብረ ሽበራዊ ባርዕ ብምኹናንን፡ መንግስቲ ሽወደን ንገበርቲ እከይ ብህጹጽ ኣብ ሕጊ ኣቕሪቡ ዚግባእ መቕጻዕቲ ኪህብን ዚጠልብ መግለጺታት ከውሕዙ ዝቖነዩ። ብፍላይ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ዚቕመጡ ኤርትራውያን ድማ፡ ኣብ ኤምባሲ ሽወደንን ኣብ ብዙሓት ቤት ጽሕፈታት ቆንስላዊ ጉዳያት መንግስቲ ሽወደንን ተረኺቦም፡ ነቲ ግብረ ሽበራዊ ጽዩፍ ተግባር ብምኹናን፡ መንግስቲ ሽወደን ነቶም ፈጸምቱ ብህጹጽ ኣብ ፍርዲ ከቕርቦም ዚጠልብ ጻውዒት ዘቕረቡ።






ገለ ካብቲ ብቛንቋ ሽወደን ምስ ንጹር ስእልታቱ ንህዝቢ ኪዕደል ካብዝወዓለ በራሪ ወረቓቕቲ እንተረኣና'ውን፡ መንግስቲ ሽወደን ንኽምዚ ዝኣመሰለ ጽዩፍ ግብረ ሽበራዊ ፍጻሜታት ፈጺሙ ብሸለልትነት ኪጥምቶ ከምዘይግባእ፡ ብዕቱብ ዘተሓሳስብ'ዩ ነይሩ። እቲ ጽሑፍ ብዘይሕብእብእ ከምዘተንብሆ ድማ፡ "ትማሊ ዳርባ እምንን ንሰላማውያን ሰባት ምክልባትን ኪፍጸም ከሊሉ፤ ሎሚ ነፍሰ ቅትለታዊ ባርዕ ሓዊ ኣጋጢሙ፤ ጽባሕ'ከ መን ይፈልጥ እንታይ ከጋጥም ይኽእል?" ዚብል ኮይኑ፡ መንግስቲ ሽወደን ቅልጡፍን ዕቱብን መልሲ ንኽናዲ ዚጠልብ ሓያል ጻውዒት፥ ንህዝቢ ሽወደን ድማ፡ ነቲ ሓቂ ብእዋኑ ነቒሑሉ ንኺጸንሕ ዘበራብር ኣገዳሲ ሓበሬታ'ዩ ነይሩ።

ወትሩ ዓወት ንሓፋሽ!

መትከል ኣስመሮም ሽወደን።